Department of Education
GOVERNMENT OF WESTERN AUSTRALIA

# ናብ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ መንገዲታት

## ንወለዲን ሓልየት ውሃብቲን መረዳእታ

ናይ ላዕላዋይ ቤት ትምህርቲ ተማሃሮ ናብ ዩኒቨርሲቲ፤ ስልጠናን ሥራሕ መእተዊ ካብ ዘለዉ ዝተፈላለዩ መንገድታት ምምራጽ ይኽእሉ። ንናይ ተማሃሮ ድሌት፣ ክዕለት፤ ዘድልይዎም ነገራትን ትምኒ/ህልሚን ንክማላእ ናይ መእተዊ መሰጋገሪ መንገድታት ክምረጽ ይኻኣል።

### ናብ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ መሰጋገሪታት እንታይ እዮም?

**ATAR**

ናይ ተማሃራይ ኣብ ኣውስትራሊያ ሳልሳይ ደረጃ ላዕለዋይ ትምህርቲ መእተዊ ማዕረግ/ተርታ (ATAR) ዝወሰድዎ ኮርሲን ፈተና ውጽኢትን ተጠቒምካ ዝቕመር እዩ። ብውሑድ ኣርባዕተ ATAR ኮርሲታት የድሊ እዩ። ንመብዛሕትኡ ተማሃሮ፤ ናይ ኣካዳሚ ኵነታትን ክብደትን ናይ’ቶም ATAR ኮርሲታት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ብጽቡቕ ንምዕዋት ጽቡቕ ምድላው ይህቦም።

ATAR ተጠቂምካ ካብ ቤት ትምህርቲ ወዲእኻ ናብ ዩኒቨርሲቲ ንምእታው ኣብ ግምት ክኣትዉ ተማሃሮ ነዚኦም ከማልኡ ኣለዎም:

- ንናይ ወስተርን ኣውስትራሊያ ምስኽር ወረቐቲ ትምህርቲ ቅድመ ኵነታት ከማልኡ ኣለዎም
- ብናይ ሕድሕድ ዩኒቨርሲቲ ከምዝወጾ ንናይ እንግሊዝኛ ክዕለት ደረጃ በዚ ዝስዕብ ሓዲኡ መሰረት ከማልኡ ኣለዎም:
  - ATAR እንግሊዝኛ
  - ATAR ሊትረቸር
  - ATAR EAL/D ወይኻዓ ምስኡ ዝመጣጠን (50 ወይኻዓ ልዕሊኡ ነጥቢ ዘምጽኣ)
  - ኣብ ናይ ፍሉይ ሳልሳይ ደረጃ መእተዊ ፈተና (STAT) ዝተሓተ መለክዒታት ኣብ ናይ እንግሊዝኛ ናይ ጽሑፍ ፈተና ።
- ናብ ሓደ ፍሉይ ኮርሲ ንምእታው ብቕዓት ዘለዎ ልዑል ATAR ምርካብ፤ ወይኻዓ
- ናብ ሓደ ፍሉይ ኮርሲ ንምእታው ንዝኾነ ቅድመ ኩነት ወይኻዓ ፍሉይ ጠለብ ከማልእ ኣለዎ።

ብዛዕባ ንዩኒቨርሲቲን መእተዊ ድሕሪ ዲግሪ/ኣንደርግራጅወት ኮርሲታት ንክፍሊ/Year 12 ተማሃሮ በቲ ቤት ትምህርቲ ተጌሩ መረዳእታ ይውሃቦም እዩ።

**ATAR ምስ ዝተስተካኸለ ማዕረግ ደረጃ (ATAR with Selection Rank Adjustment)**

ሓደሓደ ተማሃሮ ንናይ ATAR ምስትክኻል ይፍቐደሎም እዩ። ናይ ተማሃሮ መዓርግ ደረጃ ብምስትክኻል ዝውስኾ ከምቲ ዝስዕብ ነገራት ምክንያት ይኸውን:

- ኣብ ክፍሊ/Year 12 ኣብ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ ፈተና ሥራሕ ውጽኢት
- ኣብ ሓደ ውሱን ከባቢ ዝነብሩ ወይ ዝመሃሩ ምስ ዝኾኑ
- ኣብ ስድራቤት ናይ መጀመሪያ ዩኒቨርሲቲ ዝኣተወ ምኳን፤ ወይኻዓ
- ናይ ትምህርታዊ ምጥቓም ፕሮግራም (Educational Access Schemes) ዝግብኦም ምስዝኸውን።

ሓደ ተማሃራይ ንዝተፈላለዩ ዩኒቨርሲቲታት ዝተፈላለየ ደረጃታት/ተርታታት ምምራፅ ክህልዎ ይኽእል። ንዝበለጸ


Exclusions may apply

መረዳእታ ብድረገጺ ምርኣይ:

| ዩኒቨርሲቲ | ድረገጺ |
|---|---|
| **Curtin** | https://study.curtin.edu.au/applying/pathways/stepup-to-curtin |
| **Edith Cowan** | https://www.ecu.edu.au/__data/assets/pdf_file/0011/676946/ECU-Access-Eligible-WA-Schools.pdf |
| **Murdoch** | https://www-uat.murdoch.edu.au/study/pathways-to-uni/high-school/selection-rank-adjustment |
| **University of WA** | https://www.uwa.edu.au/study/how-to-apply/admission-entry-pathways/broadway |

**ናይ ሞያዊ ትምህርቲን ስልጠና (VET)**
ተማሃሮ ናብ ዝተፈላለዩ ቅድመ/ትሕተ ምረቓ ኮርሲታት መእተዊ ዘድሊ ሕቶታት ብውሑድ ንከማልኡ ናይ VET ሞያ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ። መብዛሕትኡ ግዜ እቶም ኣመልከትቲ ናይ WACE ብዓወት ዝወድኡ፤ ብደረጃ ምስክር ወረቐት ደረጃ IV ሓደ ሞያዊ ስልጠና ዘጠናቐቑን ናይ እንግሊዝኛ ቛንቛ ክዕለት ብቕዓት ዘማልኡን'ዮም።
ንዝበለጸ መረዳእታ ብድረገጺ ምርኣይ:

| ዩኒቨርሲቲ | ድረገጺ |
|---|---|
| **Curtin** | https://study.curtin.edu.au/applying/pathways/tafe-vet |
| **Edith Cowan** | https://www.ecu.edu.au/future-students/course-entry<br>ተማሃሮ ንናይ ምስክር ወረቐት III ከምኡ'ውን ንዘለዎም እንግሊዝኛ ክዕለት ናብ ECU UniPrep ኮርሲታት መእተዊ ከምልክቱ እንከሎ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ።<br>ንመረዳእታ ብድረገጺ ምርኣይ፡<br>https://www.ecu.edu.au/degrees/uniprep |
| **Murdoch** | https://www-uat.murdoch.edu.au/study/pathways-to-uni/vocational-education-and-training<br>ተማሃሮ ንሓደ ብሓፈሻዊ ትምህርቲ ንዓበይቲ ምስክር ወረቐት II (Certificate II in General Education for Adults) ወይኻዓ ናይ እንግሊዝኛ ክዕለትን ምስክር ወረቐቲ IIIን ናብ መርዶክ ኦንትራክ/Murdoch's OnTrack ከምኡ'ውን ፍለክሲ ትራክ/FlexiTrack ፕሮግራማት መእተዊ ክጥቀምሉ ይኽእሉ። ንዝበለጸ መረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ:<br>• ንኦንትራክ/OnTrack - https://www-uat.murdoch.edu.au/course/enabling/n1069<br>• ንፍለክሲ ትራክ/FlexiTrack - https://www-uat.murdoch.edu.au/course/enabling/n1095 |
| **University of Notre Dame** | https://www.notredame.edu.au/study/pathways/vet-study<br>ብጀኻ ሕጊ፤ ፍይዚዮተራፒን ስነ ትምህርቲን እንተዘይኮይኑ መብዛሕትኡ ኮርሲታት ይዳለው እዩ። |
| **University of WA** | https://www.uwa.edu.au/study/How-to-apply/Admission-entry-pathways/Diploma-Entry-Pathway |


D22/0035704
9/02/2022
Exclusions may apply

**ንኣቦርጂናልን ቶረስ ስትራት ኣይላደር ተማሃሮ መእተዊ መሰጋገሪ መንገዲ**
ንናይ ኣቦርጂናልን ቶረስ ስትራት ኣይላደር ተማሃሮ ናብ ዩኒቨርሲት መእተዊ መሰጋገሪ ዝኾኑ ብፍሉይ ንዕኡ ተባሂሎም ዝተዳለዉ መንገድታት ኣለዉ። ንዝበለጸ መረዳእታ ብድረገጺ ምርኣይ:

| ዩኒቨርሲቲ | ድረገጺ |
|---|---|
| **Curtin** | https://karda.curtin.edu.au/study/enabling-courses |
| **Edith Cowan** | ብናይ ዩኒቨርስቲ መእተዊ ኣብ ግምት ዝኣትዉ ምስክር ወረቐት II ወይኻ ካብዚ ትሕት ዝበለ ንዘጠናቐቐቑ ተማሃሮ ብናይ ኣቦርጂናል ዩኒቨርስቲ ምድላው ገምጋም (Aboriginal University Readiness Assessment AURA) ኣቢሉ ይፍቐደሎም እዩ። ንዝበለጸ መረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ፡ https://www.ecu.edu.au/centres/kurongkurl-katitjin/student-success-and-support/aborignal-university-readiness-assessment |
| **Murdoch** | K-Track መኽኣሊ ፕሮግራም ብናጻ ዝውሃብ ኮርሲ ከምዝኾነ እሞ ናይ ኣቦርጂናን ቶረስ ስትራት ኣይላንደር ዝኾኑ ተማሃሮ ብሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ ጀሚሩ ወይኻዓ ኣብ ዘለውዎ ኣቕጣጫ ለውጢታት ንምግባር ንዝደልዩ እዩ። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ https://www.murdoch.edu.au/life-at-murdoch/perth-campus/facilities-services/kulbardi-aboriginal-centre/k-track-enabling-program |
| **University of Notre Dame** | ኖትረ ዳም/Notre Dame ናይ ኣቦርጂናን ቶረስ ስትራት ኣይላንደር ንዝኾኑ ተማሃሮ ናብ ሕክምና ትምህርቲ መእተዊ መሰጋገሪ ዝኸውን ብዙሕ ዕድላትን መማረጽቲታት ኣለዎ። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ https://www.notredame.edu.au/current-students/support/indigenous-portal |
| **University of WA** | ንኢንዲጀነስ ተወለድቲ ትምህርቲ ዕድላት: ወስተርን ኣውስትራሊያ ዩኒቨርስቲ ናይ ኣቦርጂናል መእተዊ ሓበሬታ መውሃቢ ኮርሲን ግዚያዊ ናይ መእተዊ ኣሰራርሓ መደብን ኣካቲቱ እዩ። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ https://www.uwa.edu.au/study/indigenous-study |

**ንዩኒቨርሲቲ መዳለዊ ኮርሲታት**
ናይ ዩኒቨርስቲ መዳለዊ ወይኻዓ መኽኣሊ ኮርሲታት ተማሃሮ ናብ ዝተፈላለየ ድሕረ ምርቓ ኮርሲታት ንክኣትዉ/ክሓልፉ ክዳለዉ ንምግባር ተባሂሎ ዝተወጠነ እዩ። እዞም ኮርሲታት ጠመት ዝገብሩሉ ብናይ ዩኒቨርስቲ ደረጃ ንዘድሊ ክዕለት፤ ከም ምርምር፤ ምጽሓፍ ኣሰራርሓ ከይዲን ቊፅሪን እዩ። ንዝበለጸ መረዳእታ ብድረገጺ ምርኣይ:

| ዩኒቨርሲቲ | ድረገጺ |
|---|---|
| **Curtin** | ኣዚ ምድላው/UniReady ፕሮግራም ብናጻ ዝወሃብን ካብ ቤት ትምህርቲ ንዝፋነዉን ዕድሚኦም ኣብ በጽሒ ዝኣኸለ ተማሃሮን ክፍቲ ይኸውን። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ https://study.curtin.edu.au/applying/pathways/uniready-enabling-program |
| **Edith Cowan** | ኣዚ ምድላው/UniReady ፕሮግራም ብናጻ ዝወሃብን ካብ ቤት ትምህርቲ ንዝፋነዉን ዕድሚኦም ኣብ በጽሒ ዝኣኸለ ተማሃሮን ክፍቲ ይኸውን። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ https://www.ecu.edu.au/degrees/uniprep |
| **Murdoch** | መርዶክ/Murdoch ዝተፈላለየ መኽኣሊ ናይ መእተዊ መሰጋገሪ ዝኸዉን መንገድታት ኣለዎ። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ http://www.murdoch.edu.au/study/courses/enabling-pathways |


D22/0035704
9/02/2022
Exclusions may apply

| | |
|---|---|
| **University of Notre Dame** | https://www.notredame.edu.au/study/pathways/tertiary-pathway-program |

**ንመትሓዚ መህደር መእተዊ (Portfolio Entry)**
ተማሃሮ ብዘለዎም ማህደር ዘርእዮ ናይ ኣካዳሚክ ውጽኢት፤ ሞያታት፤ ክዕለታትን ንሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ ምቹው ብዝኾኖ መሰረት ናብ ፍሉይ ዝበለ ትሕተ/ቅድመ ምረቃ ኮርሲታት ንክኣትው ኣብ ግምት ውሽጢ ምእታው ይኻኣል ይኸውን። ንዝበለጸ መረዳእታ ብድረገጺ ምርኣይ:

| ዩኒቨርሲቲ | ድረገጺ |
|---|---|
| **Curtin** | ናይ መትሓዚ ማህደር መእተዊ ንዝተፈላለየ ሰብዓዊነት (ሀዩማኒቲስ)፤ ሳይንስ፤ ንግዲ ሥራሕን (ቢዝነስን) ንሓለዋ ጥዕና ሳይንስ ኮርሲታት ይዳለው እዩ። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ https://study.curtin.edu.au/applying/pathways/portfolio-entry |
| **Edith Cowan** | ተማሃሮ ናብ ፍሉይ ቅድመ/ትሕተ ምረቓ ኮርሲታት፤ ኣብ ፈጠራዊ ስነ-ጥበባትን (creative arts) ናይ ዲዛይን ቅርጺ ኣወጻጽኣ ዓይነታት ትምህርትን ብዘይ ATAR ንክኣትው ኣብ ግምት ውሽጢ ምእታው ይኻኣል ይኸውን። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ https://www.ecu.edu.au/future-students/course-entry/creative-arts-portfolio-entry |
| **Murdoch** | እቲ ናይ መድያ መሰጋገሪ መንገዲ ነቶም ኣብ ሓደ ናይ ስነጥበብ ወይ ኣርትስ ኮርስ ክምዝገቡ ዝደልዩ ናይ ፈጠራ ተመሃሮ'ዩ። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ<br>• https://www.murdoch.edu.au/study/courses/undergraduate-courses/portfolio-entry-pathway<br>• http://www.murdoch.edu.au/study/courses/undergraduate-courses/portfolio-entry-pathway/media-portfolio-pathway |

**ኣብ ተሞክሮ ዝምርኮስ መእተዊ**
ተማሃሮ ንናይ ትሕተ/ቅድመ ምረቓ ኮርሲ ንምእታው ኣብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ክዕወቱ ዘለዎም ተኽእሎ ብናይ ዩኒቨርሲቲ ገምጋም ተጌሩ በቲ ዝቐረበ ማስረጃ ኣብ ግምት ውሽጢ ንክኣትው ይኽእል ይኸውን። ንዝበለጸ መረዳእታ ብድረገጺ ምርኣይ:

| ዩኒቨርሲቲ | ድረገጺ |
|---|---|
| **Curtin** | ተማሃሮ ኽልእ ምቹው መእተዊ መሰጋገሪ እንተዘይሃልዩ፤ ብዝፈትውዎ ኮርሲ ፍቓድ ንምርካብ ሓገዝ ክገብረሎም ይኽእል። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ https://study.curtin.edu.au/applying/pathways/access-curtin |
| **Edith Cowan** | ተማሃሮ ኣብ ላዕላዋይ ትምህርቲ ክዕወቱ ዘለዎም ክዕለት ገምጋም ጌርካ ናብ ትሕተ/ቅድመ ምረቓ ኮርሳት ንክኣትዉ ኣብ ግምት ውሽጢ ክኣትው ምግባር። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ https://www.ecu.edu.au/future-students/course-entry/experience-based-entry-scheme |
| **University of WA** | ውልቓሰባት ብዝመረጽዎ ክፋል ምዕራፍ/ዩኒትስ፣ ናብ ዲግሪ ኮርሲ መዝገባ ከየድለዮም ንክማሃሩ፣ ገምጋም ዝግበረሉ ወይኻዓ ብዘይገምጋም ዝብል ኣማራጺ ይህበም። ንመረዳእታ ናብ'ዚ ኪዱ https://www.uwa.edu.au/study/courses-and-careers/short-courses/access-uwa-assessed |


D22/0035704
9/02/2022
CC BY Exclusions may apply

**ትምህርታዊ መገልገሊ ኣሰራርሓ ፕሮግራም/ትምህርታዊ ቀረብ ናይ ምርካብ ፕሮግራም (Educational Access Scheme)**

ተማሃሮ ኣብ ላዕላዋይ ኻልኣይ ደረጃ ትምህርቲ እንዳሃለው ኣዝዩ ፍሉይ ዝበለ ኵነታት እንተጋጢምዎምን ናይ ክፍሊ/Year 11ን 12ን ትምህርቶም ኣንጻራዊ ጸገም ዝፈጠረሎም እንተኾይኖምን፣ ንቅድመ/ትሕተ ምረቓ ኮርሲ ንምእታው ንናይ ወስተርን ኣውስትራሊያ ዩኒቨርሲታት ምሕታት ይኻኣል እዩ። ኣመልከትቲ ተማሃሮ ብናይ ሳልሳይ ትኻል ኣገልግሎት ማእከል (Tertiary Institution Service Centre (TISC)) ኣቢሎም ንፍሉይ ኵነታት ኣብ ግምት ክኣትወሎም ከምልክቱ ይኽእሉ ይኸውን።

ንዝበለጸ መረዳእታ ናይ TISC ድረገጺ ምርኣይ www.tisc.edu.au/static/guide/eas.tisc


D22/0035704
9/02/2022
CC BY Exclusions may apply